# ካብ ብሂወት ዘሎ ዝመጽእ ልግሲ ወይ ወፈያ ኩሊት

## ካብ ብሂወት ዘሎ ዝመጽእ ልግሲ ወይ ወፈያ ኩሊት እንታይ ማለት እዩ?

መብዛሕትና ክልተ ኩሊት ሒዝና ኢና ንውለድ። ይኹን እምበር፣ ጥዑይ ሰብ ብሓንቲ ኩሊት ጥራይ ንቡርን ጥዑይን ህይወት ክነብር ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ሓደ ጥዑይ ሰብ ንኮላሊቱ ዘይሰርሓ ሰብ ኩሊት ክህበ (ክልግስ) ይኽእል'ዩ። እዚ ህያብ ካብ ብህይወት ዞሎ ኩሊት ምልጋስ እዩ። ንዝደሊ ሰብ ኩሊት ዘወፈየ ሰብ "ብህይወት ከሎ ለጋሲ" ይበሃል፣ ኩሊት ዘድልዮ ሰብ ድማ "ሕጹይ ምትካል ኩሊት" ይበሃል።

ዝኾነ ኣብ ጽቡቕ ጥዕና ዘሎ እኹል ሰብ ብህይወት ዘሎ ለጋሲ ንክኸውን ክግምገም ይኽእል። ኩሉ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእል ሰብ፣ ኩሊት ንዝደሊ ሰብ ኩሊት ንምልጋስ ጥዕና ዘለዎ ምዃኑ ንምርግጋጽ ምሉእ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ኣለዎ።

መስርሕ ምልጋስ ኩሊት፣ ሓንቲ ኩሊት ካብቲ ለጋሲ ንምእላይ መጥባሕቲ ይግበር፣ ካልእ መጥባሕቲ ድማ ነታ ኩሊት ኣብቲ ሕጹይ ምትካል ኩሊት ዝግበረሉ ንምእታው ዘጠቓልል እዩ። ድሕሪ'ቲ ልግሲ፣ እታ ዝተረፈት ኩሊት ናይቲ ለጋሲ፣ ናይታ ዝተኣልየት ኩሊት ዕማም ንምሽፋን ዝያዳ ክትሰርሕ ትጅምር። እቲ ለጋሲ፣ እታ ዝተረፈት ኩሊቶም ብትኽክል ትሰርሕ ከምዘላ ንምርግጋጽ ዓመት ናብ ሓኪም ብምኻድ ክምርመር ኣለዎ፣።

## ስለምንታይ እዮም ገለ ሕሙማት ምትካል ኩሊት ዘድልዮም?

ኮላሊት ካብ ደምና ናይ ጐሓፍ ፍርያት የውግዳ። ብተወሳኺ ኣብ ኣካላትና ዘሎ መጠን ጨውን ፈሳስን ይቆጻጸራ። ሓደ ግዜ ከም ልዑል ጸቕጢ ደም ወይ ሕማም ሽኮር ዝኣመሰሉ ሕማም ወይ ሕማማት፣ ኮላሊት ንሓዋሩ ከም ዘይሰርሓ ክገብር ይኽእል። እዚ ምስ ዝኸውን "ናይ መወዳእታ ደረጃ ሕማም ኩሊት" ይበሃል፣ ምኽንያቱ ኮላሊት ብትኽክል ናይ ምስራሕ ዓቕመን ናብ ናይ መወዳእታ ይቐርብ ስለዘለዎ። ኮላሊት ስራሕ ምስ ኣቋረጻ፣ እቲ ሕሙም ነቲ ጐሓፍ ካብ ደም ንምእላይ ዝኾነ ዓይነት ሕክምና ክገብር ኣለዎ። ሓደ ኣማራጺ ምትካል ኩሊት እዩ። ኩሊት ካብ ጥዑይ ብህይወት ዘሎ ሰብ (ብህይወቱ ዘሎ ለጋሲ) ወይ ድማ ካብ ሓደ ኣብ ቀረባ እዋን ዝሞተ ሰብ (ዝሞተ ለጋሲ) ክመጽእ ይኽእል። ምሕጻብ ኩሊት ድማ ካልእ ኣማራጺ እዩ። ምሕጻብ ኩሊት ካብ ደም ጐሓፍ ንምእላይ ማሽን ይጥቀም። ነቶም ብቑዓት ዝኾኑ ድማ ካብ ብህይወቱ ዘሎ ለጋሲ ምትካል ኩሊት እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ እዩ።

## ካብ ብህይወቱ ዘሎ ልግሲ ኩሊት ምርካብ እንታይ ብልጫታት ኣለዎ?

- ናብ መወዳእታ ደረጃ ሕማም ኩሊት ዘለዎምን ንመተካእታ ኩሊት ብቑዓት ዝኾኑን ሕሙማት፣ ካብ ብህይወት ዘሎ ለጋሲ ኩሊት ምርካብ እቲ ዝበለጸ ፍወሳ እዩ።
- ካብ ብህይወት ዘሎ ለጋሲ ዝመጽእ ኩሊት መብዛሕትኡ ግዜ ካብቲ ካብ ዝሞተ ለጋሲ ዝመጽእ ኩሊት ዝነውሐ ግዜ ይጸንሕ።

- ካብ ብህይወቱ ዘሎ ዝመጽእ ልገሲ ኩሊት ነቲ ሕሙም ኩሊት ናይ ምሕጻብ ኣድላይነት ከጉድሎ ወይ'ውን ክከላኸል ይኽእል።
- ኩሉ ሕሙም ካብ ብህይወት ዘሎ ለጋሲ ኩሊት ካብ ዝጽበዮ ዝርዝር ካብ ዝሞተ ለጋሲ ኩሊት ይወጽእ እዩ። እዚ ድማ ንኻልኦት ኣብ ዝርዝር መጸበዪ ምትካል ኩሊት ዘለዉ ሕሙማት ናይ ምጽባይ ግዜ የሕጽሮ።
- እቲ ናይ ወፈያን ምትካልን መጥባሕታት ክልቲኦም እቲ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእልን እቲ ኩሊት ናይ ምትካል ሕጹይን ኣብ ዝበለጸ ጥዕና ኣብ ዝህልወሉ እዋን ክውጠን ይኽእል። ኣብ ጽቡቕ ጥዕና ምህላው ድሕሪ መጥባሕቲ ንዝህሉ ሕውየት የመሓይሽ።
- ብዙሓት ኩሊት ዝለገሱ ሰባት፣ ኩሊት ንዝደሊ ሰብ ምሕጋዝ ኣወንታዊ ውልቃዊ ተመክሮ ምዃኑ ይዘረቡ።

## ዝኾነ ሰብ ኩሊት ክልግስ ይኽእል ድዩ?

ዝኾነ ጥዑይ እኹል ሰብ ንብህይወቱ ዘሎ ልግሲ ኩሊት ክሕሰብ ይኽእል። ሓደ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእል ሰብ ኣባል ስድራቤት፣ ዓርኪ፣ ጎረቤት ወይ ነቲ ሕጹይ ንምትካል ኩሊት ዝፈልጥ ክኸውን ይኽእል። እቲ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእል ሰብ፣ ምስቲ ሕጹይ ንምትካል ኩሊት ብዕድሜ፣ ጾታ ወይ ብሄር ዝመሳሰሉ ክኸውን ኣየድልን እዩ። ብሓቂ ክርአ ከሎ፣ ዝኾነ ንኽልግስ ፍቓደኛ ዝኾነ ሰብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ክልቲኦም ለጋሲ ክኸውን ዝኽእልን ሕጹይ ንምትካል ኩሊትን ቅድሚ ናብ ምልጋስን ምትካልን ምቕጻሎም ሕክምናዊ መርመራታትን ገምጋማትን ክዛዝሙ ኣለዎም። ንኣብነት እቲ ክለግስ ዝኽእል ሰብ መጥባሕቲ ክገብርን ሓንቲ ኩሊት ጥራይ ሒዙ ጥዑይ ክኸውንን ኣለዎ። ብተመሳሳሊ፣ እቲ ሕጹይ ንምትካል ኩሊት ኣብ መወዳእታ ደረጃ ሕማም ኩሊት ዘሎ ሓድሽ ኩሊት ዘድልዮን እኳ እንተኾነ፣ እዚ ሰብ እዚ መጥባሕቲ ክገብር ዝኽእል ጥዕና ዘለዎን ነቲ ድሕሩ ዝግበር ጸረ-ምንጻግ ሕክምና ክሕዞ ዝኽእልን ክኸውን ኣለዎ። ናይቲ ለጋሲ ዓይነት ደምን ቲሹን ምስቲ ናይቲ ሕጹይ ንምትካል ኩሊት ዝሰማማዕ እንተኾይኑ ንምፍላጥ ፍሉይ መርመራታት ደም ይግበር። እዞም ረቛሒታት እዚኦም እንተተሰማሚዖም፣ እቲ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእልን እቲ ሕጹይን "ተሰማማዒ ጽምዲ" ይበሃሉ እሞ እቲ ሕጹይ ካብቲ ለጋሲ ኩሊት ክረክብ ይኽእል። እቶም ሕክምናዊ መርመራታትን ገምጋማትን ናይ መዓልቲ ሕክምናዊ ቆጸራታት ከድልዮም እዩ።

ድሕሪ እቲ ልግሲ፣ እቲ ለጋሲ ኣብ ጽቡቕ ጥዕና ኮይኑ ክቕጽል ትጽቢት ይግበር። ብጥዕና ምጽናሕ ካብ ሓኪም ናይ ስድርኦም ስሩዕ መርመራን ክንክን ጥዕናን ምርካብ የጠቓልል።

## እቲ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእልን ሕጹይ ንምትካል ኩሊትን ዘይሰማምዑ እንተኾይኖም ከ?

እቲ መርመራ ደም፣ እቲ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእልን ሕጹይ ንምትካል ኩሊትን ከም ዘይሰማምዑ እንተ ኣርእዩ፡ "ዘይሰማምዑ ጽምዲ" ይበሃሉ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ዓይነት ደም ናይቲ ለጋሲ ምስ ዓይነት ደም ናይቲ ሕጹይ ንምትካል ኩሊት ዘይሰማማዕ እንተኾይኑ እዩ። ወይ ድማ፣ እቲ ሕጹይ ንምትካል ኩሊት ኣብ ደሙ ፕሮቲናት (ብጸረ-ኣካላት ዝፍለጡ) ኣለዎም፣ እዚ ድማ ካብቲ ለጋሲ ኩሊት ንምቕባል ዝነጽግ ክኸውን ይኽእል።

እቲ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእል ሰብ ምስቲ ሕጹይ ንምትካል ኩሊት ዘይሰማማዕ እንተኾይኑ፣ ሕጂ'ውን ብመንገዲ መደብ ዝተጻመዱ ምልጋስ ኩሊት ነቲ ሕጹይ ንምትካል ኩሊት ዝምችእ ኩሊት ንምርካብ ክጽዕሩ ይኽእሉ። እዚ መደብ እዚ ንለገስቲ ኩሊት ምስቶም ኩሊት ዘድልዮም ሕጹያት ንምትካል ኩሊት ዝሰማምዖም ክረክብ ይፍትን። ንዝያዳ ሓበሬታ

መደብ ብህይወቱ ዘሎ ለጋሲ ኲሊትኩም ወይ ማእከል ምትካል ኲሊትኩም ሕተቱ ወይ ድማ ኣብ blood.ca/organs-tissues ተወከሱ።

### ዓይነታት ናይ ብህይወት ዘለዉ ለገስቲ

**ዝዛመድ ልግሲ፦** እዚ ዓይነት ልግሲ ዝፍጠር ሓደ ለጋሲ ክኸውን ዝኽእል ሰብ ንሓደ ሕዱይ ንምትካል ኲሊት ምስ ዝፈልጦን ምስቲ ሰብ ዝሰማማዕን ምስ ዝኸውን እዩ። ዝዛመዱ ለገስቲ ምስቲ ሕዱይ ንምትካል ኲሊት ብዘርኢ ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ ይኽእሉ (ንኣብነት ወለዲ፣ ቆልዑ፣ ኣሕዋትን ኣሓትን፣ ኣባሓጎታትን ዓባይን) ወይ ድማ ዘይተዛመዱ (ንኣብነት፣ መጻምድቲ፣ ዓርኪ፣ መሳርሕቲ) ክኾኑ ይኽእሉ።

**ዘይዛመዱ ስሞም ክፍለጥ ዘይደልዩ ለገስቲ (NDAD)፦** እዚ ዓይነት ልግሲ ዝፍጠር፣ ሓደ ሰብ ንዝኾነ ምስኡ ዝመሳሰል ሰብ ኲሊት ምትካል ዘድልዮ ኲሊት ክልግስ ዝሓስብ እዩ። ከምዚ ዝበለ ልግሲ፣ እቲ ኲሊት ኣብ ዝርዝር መጸበዪ ንዝርከብ ሰብ እንተተዋሂቡን፣ ሓደ ሕዱይ ንምትካል ኲሊት ክሕግዞ ይኽእል እዩ፣ ። ከም ኣማራጺ፣ እዚ ዓይነት ልግሲ፣ ብመንገዲ መደብ ዝተጻምዱ ልግሲ ኲሊት ንሓያሎ ሰባት ክሕግዞም ይኽእል። ኣብዚ መደብ እዚ፣ ካብ ሓደ NDAD ዝግበር ምልጋስ ኲሊት፣ ሰንሰለታዊ ምልውዋጥ ለገስቲ ክጅምር ይኽእል።

ኣብ ግዘኣትኩም ዝርከብ መደብ ናይ ብህይወት ዝለዉ ለገስቲ ብዛዕባ መደብ ዝተጻመዱ ልግሲ ኲሊት ዝያዳ ሓበሬታ ክህበኩም ይኽእሉ። ሓበሬታ ብኢንተርነት ውን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ኣብ [blood.ca/organs-tissues](blood.ca/organs-tissues)።

## ከመይ ጌረ እየ ዝጅምር?

ኲሊት ምትካል ዝጽበ ሰብ ከም ዘሎ እንተፈሊጥካ፣ ክትዛረቦ ትኽእል ኢኻ። ወይ ድማ፣ ኣብ ግዘኣትኩም ንዝርከብ መደብ ብህይወት ዘሎ ልግሲ ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም። ዘይዛመድ ስሙ ክፍለጥ ዘይደሊ ለጋሲ ክትከውን ምስ ትደልዩ፡ ኣብ ግዘኣትኩም ዝርከብ መደብ ብህይወት ዘሎ ልግሲ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህበኩም ይኽእሉ። ኣብ ካናዳ ንዝካየድ መደባትብህይወት ዘሎ ልግሲ ዝምልከት መራኸቢ ሓበሬታ ብኢንተርነት፣ ኣብ [blood.ca/organs-tissues](blood.ca/organs-tissues) ይርከብ።

*ኣገልግሎት ደም ካናዳ ንመኽሰብ ዘይሰርሕ ትካል ግብረ ሰናይ እዩ። ብጥዕና ካናዳ ከም ኣፍራዪ ባዮሎጂክስ ዝምራሕን ብቐንዱ ድማ ብኣውራጃውን ግዝኣታውን ሚኒስትሪታት ጥዕና ዝምወልን፣ ኣገልግሎት ደም ካናዳ፣ ኣብ ውሽጢ ክንክን ጥዕና ካናዳ ፍሉይ ዝገብሮ ሃገራዊ ስፍሓት፣ ትሕተ ቅርጽን ምሕደራን ሒዙ ይሰርሕ። ኣብ ዓውዲ ደም፣ ፕላዝማን መሰረት ዋህዮን ብዘይካ ኲቤክ ንኹሎም ኣውራጃውን ግዝኣታውን መንግስታት ወኪልና ንሕሙማት ኣገልግሎት ንህብ። ኣብ ዓውዲ ኣካላትን ቲሹታትን ሃገራዊ ዝርዝር መጸበዪን ኣብ መንጎ ግዝኣታት ዝርከቡ መዝገብ ምክፍፋል ኣካላትን ነካይድን ምስ ግዝኣታዊ መደባት ብምትሕብባር ስርዓትና ንምምሕያሽ ንሰርሕን።*

*[www.blood.ca/organs-tissues](www.blood.ca/organs-tissues)*